ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሰያዊ ለውጢ
ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي
المكتب التنفيذي

Eritrean National Council for Democratic Change
Executive Office
encdc.ex@gmail.com

# ናይ ሓዘን መግለጺ

ኣቦና ብጹዕ ዎ ቅዱስ ኣቡነ ኣንጦንዮስ፣ ፓትርያርክ ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስታያን ኤርትራ፣ ድሕሪ ናይ ነዊሕን ክንክን ዝጎደሎን ሕማምን ስቅያትን ሎሚ 9 ለካቲት 2022፣ በቲ ግፍዐኛ መላኺ ስርዓት ብዘይ ፍርዲ ተሓይሮምሉ ኣብ ዝነበሩሉ ቤት ማእሰርቲ ኣብ መበል 96 ዓመት ዕድሚኦም ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈሊዮሙና።



ቅዱስ ኣቦና ኣንጦንዮስ፣ ብ 12 ሓምለ 1929 ኣብ ዓዶም ሕምብርቲ ሎጎጭዋ ሓማሴን ኤርትራ ተወሊዶም ምሉእ ህይወቶም ንመንፈሳዊ ኣገልግሎት ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን ዘወፈዩ፣ ንሓቅን ፍትሕን ምስ ህዝቦም ደው ዝበሉ፣ ንመላኺ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ጉዳይ ቤተክርስትያን ኢዱ ከየእቱን፣ ንሃይማኖታዊ ጉባኤ መንእሰያት ደው ከብሉ ንዝተዋቦም ህግደፋዊ ትእዛዝ ነጺጎም እምቢ ኣይንግዛእን ዝበሉ ብጹዕ ኣቦና ነበሩ። ኣቦና ብጹዕ ኣቡነ ኣንጦንዮስ ኣብ ሚያዝያ 23, 2004 ብቅዱስ ሲኖዶስ ተቐቢኦም ፓትርያርክ ኮይኖም ምግልጋል ድሕሪ ምጅማሮም ከኣ፣ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2006 ብዘይ ሕጋዊ ክሲ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ን 16 ዓመታት ዝተዳጐኑ ኣብነታዊ ቅዱስ ኣቦ ነበሩ።

በዚ መሪር ኣጋጣሚ'ዚ፣ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሰያዊ ለውጢ ንምሉእ ኤርትራዊ ኣማኒ ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስያንን፣ ብድሕሪኦም ናቶም መንፈሳዊ ስራሕ ተኪኦም ንኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስያን ኣብ ግዳም ኮይኖም ዝመርሑ ዘለዉ ኣቦና ብጹእ ዎ ቅዱስ ኣቡነ ኣንጦንዮስን፣ ንቤተሰቦምን፣ ንመላእ ደላይ ፍትሒ ህዝብናን ጽንዓት ይሃብኩም እናበልና፣ ሰዉእ ኣቦና ድማ ኣብ ሰማያዊ ገነት ሰፈሮም ራሕሶም ክገድፉልና ንልዑል ፈጣሪ ንልምን።

ሃገርና ኤርትራ ሓራ ወጺኣ መሰል ኩለን ሃይማኖታዊ ትካላት ኤርትራን፣ መንፈሳዊ እምነት ኩሉ ዜጋታታን ብማዕረ ክኸበር ንዝገበርዎ ከቢድን ክቡርን ኣስተዋጽኦን መሰዋእትን ድማ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ክንሰንዶን፣ ንቃልሶም ድማ ክንቅጽሎን ከነተግብሮን ምኳንና ቃል ንኣቱ።

ዝኽርን ክብርን ንኩሎም ሰማእታትና !!

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት

ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሰያዊ ቃልሲ

9 ለካቲት 2022